## ኣብዚ እዋን ኩሉ ሕብረተሰብ ክፈልጦ ዘለዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሓበሬታ።

ዶር. ዮናስ ተስፋጋብር (ሓፈሻዊ ሓኪም)
መሓሪ ዘርእጋብር (ፋርማሲስት) ሚያዝያ 26, 2020

ከም ኣካል ምክልኻል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ዝተፈላለያ ሃገራት ከስርሐን ዝኽእልን ምስ ኩነታት መነባብሮ ህዝበን ድማ ተግባራዊ ክኸውን ይኽእል እዩ ኢለን ዝኣመናሉ ስጉምትታት ክወስዳ ጸኒሐንን ኣለዋን። እቲ ንኹለን ሓደ ዝገብረን ረቋሒ ግና ብቐንዱ ጥዕና ነበርተን ንምውሓስ ይዓያ ምህላወን ክኸውን ከሎ፡ ብተወሳኺ ድማ ጽላት ቁጠበአን ንኸይህሰ ይሰርሓ ምህላወን እዩ። ነዚ ክልቲኡ ብማዕረ ጎኒ ጎኒ ንክኸይድ ድማ ብዝከኣለን ይሰርሓ ኣለዋ።

እቲ ቀንዲ ሕቶ እምበኣር፡ ንሕና ከም ሕብረተሰብ ነዚ ኣካይዳ ብኸመይ ንከታተሎ ኣለና፡ ብኸመይ'ከ ይጸልወና ኣሎ፧ ብምስትውዓል'ከ ንመላለስ ኣለና'ዶ፧ ዝብል እዩ።

ኣብ ጥዕናና ኮነ ቁጠባዊ መዳያት መነባብሮና ክወርደና ዝኽእል ሓደጋታት ኣሎ ድዩ፧ እንተሃልዩ'ኸ ብኸመይ ተዳሊናሉ ኣለና ዝብል እዩ። እቲ ናይ ቁጠባ ጉዳይ ብዓቢኡ ንክኢላታት እቲ ዓውዲ ገዲፍና፡ ብሰንኪ እዚ ኣካይዳ ናይ እንነብረለን ሃገራት ኣብ ጥዕናና እንታይ ሓደጋ የንጸላልወና ኣሎ፡ ብኸመይ'ከ ኢና ኣብ ኣካይዳና ምስትውዓል ከየጉደልና ክንመላለስ ዝግበኣና ክንፈልጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ነዚ ንምምላስ እምበኣር፡ ገለ ካብቲ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝወስድኡ ስጉምትታት ክንርኢ፦

1. ጠቕላላ ኩሉ ህዝባዊ ንጥፈታት ደው ብምባል ህዝቢ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ገዛ ከምዝዕጾ ምግባር

2. ብዝሒ ህዝቢ ዝእከበሉ ማእከል ህዝባዊ ኣገልግሎታት ግዝያዊ ከምዝዕጾ ብምግባር፡ ህዝቢ ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስራሕ እንተሃልይዎ ጥራይ ንኽንቀሳቐስ ናጽነት ምሃብ

3. ህዝቢ ንውሱን ዝኾነ ሰዓታት ጥራይ ናይ ምንቅስቓስ ናጽነት ከምዝረክብ ብምግባር፡ መዓልታዊ ዘድልዮ ኣገልግሎት ከምዝረክብ ምግባር

.....ኣብዚ ዘይተጠቕሰ ዝተፈላለየ ኣገባብን መስርሕን ምቁጽጻር ለበዳ ክህሉ'ውን ይኽእል'ዩ። ኣብዚ እዋን ድማ ዝበዝሓ ሃገራት (ብፍላይ ሃገራት ኤውሮጳ) ነቲ ተኣዊጁ ዝነበረ ናይ ምዕጻው ስጉምቲ ኣብ ምዝላቕን፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ጠቕላላ ኣብ ምልዓልን ገጸን ይኸዳ እለዋ።

እቲ ዝተወስደ ስጉምቲ ብዘይየገድስ፡ ውጽኢቱ እንታይ እምጺኡ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ናቱ ጽቡቕን ሕማቕን ጎድንታት ኣለዎ። ገለ ሃገራት ብዝወሰድኦ ዘለዋ ስጉምቲ ዝነኣድ ውጽኢት ክረኽባ ይረኣያ እየን፡ ገለ ድማ ብሰንኪ ግጉይ ኣካይዳአን ህዝበን ኣደዳ መልከፍቲ ሕማምን መቕዘፍትን ይኸውን ኣሎ። ካብዚ ፍልይ ዝበለ ድማ ኣብ ውሑዳት ዘይኮና ሃገራት፡ ህዝቢ ዘለዎ ናጽነት ተጠቒሙ እንተስ ነቲ ዝተዋህበ መምርሒ ብግቡእ ብዘይምርዳእ፡ እንተስ ብሸለልትነት ኣብ ትሕቲ ከቢድ ሓደጋ ይወድቕን፡ ብሕጂ ድማ ኣብ ቀጻሊ ሓደጋን ይርከብ።

ነዚ ኣርእስቲ ኣብ ዝቐጽል መደብና (ድሕሪ እዚ ሒዝናዮ ዘለና ዛዕባ "ክንክን ጥዕና ኑብሰጾር ኣደን ዕሸልን") ብሰፊሕ ክንድህስሶ እኳ ኣንተኾንና፡ ንሕጂ ግና ኣዝዩ ኣገዳስን እዋናውን ለበዋታት ክንጠቅስ፦


1. ህዝቢ ነቲ ብመንግስትን ሰብ መዚ ጥዕና ናይተን ዝኑብሩለን ሃገራትን ብግቡእ ክርዳእን ከተግብርን

2. ብውልቂ ድማ ካብዚ ብመንግስትን ሰብ መዚ ጥዕና ዝሃብዎ መምርሒታት ተበጊሱ ብምስትውዓል ክኸይድ። እዚ ማለት ብዓቢኡ ንዝወሃበካ ናጽነት'ውን ከይተረፈ ብህድኣት መርሚርካ ክትመላለስ ከምዘለካ ምዝካር። ልክዕ እዩ፡ ድሕሪ እዚ ኩሉ ናይ ምዕጻው መዓልቲታት፡ ብዙሕ ምስልቻውን ጸቕጥን ክህሉ ይኽእል እኳ እንተኾነ፡ ብዓቕልን ብተስፋን ንሓድሕድና ተደጋጊፍና ክንሰግሮ እቲ እንኮ ምርጫና ምዃኑ ክንዝክር ይግባእ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሕብረተሰብ ካብ ዘየድሊ ሓበሬታን፡ ተስፋ ዝህብ ኣምሲሉ ኣብ ዘይተደልየ ምህውታትን፡ ናብ ሽለልትነትን ዝመርሕ ዜና ኮነ ሓበሪታ ጠቕሊሉ ክርሕቕ ይግባእ። (ብዛዕባ መድሃኒት ኮነ ክታበት ዝጋውሑ ዘለዉ መጠኖም ዝሓለፈ ዜናታት ኮነ ሓበሬታታት ህዝቢ ክነቕሓሎምን፡ ብግቡእ ክርድኦምን ይግባእ። መድሃኒት/ክታበት ኣዝዩ ተስፋ ዝህብ ስራሕ ይካተድ እኳ እንተሃለዉ ካብ ክወስዶም ዝኽእል ግዜ ጀሚርካ ክሳብ ኣብ ምዝርግሖም ወት ተጠቃምነቶም ክህልዉ ዝኽእሉ ርእሶም ዝኸኣሉ መስርሕን ብድሆታትን ከምዘለዉ ክንዝክር ይግባእ)።

ስለዚ፡ እቲ ኣብዚ እዋን ዘሎ እንኮን ዝበለጸን ኣማራጺ ካብ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ምኽሪ ሰብ ሞያ ጥዕና ተኸቲልካ ገዛእ ኑብስኻን ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ፈተውትኻን ምክልኻል ጥራይ እዩ።

***እዚ ሓጺር ለበዋ ካብ ተኸታተልትና ብዝመጸና ሓበሬታ (ጠለብ)፡ መሰረት ንህጹጽ እዋን ከም ሓበሬታ ዝተዳለወ እዩ። ኣብ ዝቐጽል መደብ ብሰፊሑ ክንድህስሶ ክንፍትን ኢና። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ናይ ሽዑ ሰብ ይበለና።




ምክልኻል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19
ግራፍ ለጠቕ ምባል፡ 2ይ ምርጫ
ጠቕላላ ብዝሒ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19
ምሉእ
ዓቕሚ ትሕተ ቅርጺ ኣገልግሎት ጥዕና
መልከፍቲ ካብ ዝጀመረሉ ዝተመዝገቡ መዓልቲታት
ጽሬት ምሕላው
ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ገዛ ምጽናሕ
ዙረት (ምትሕልላፍፍ) ቫይረስ ንከላኸል
ተዓወት!
ኩሉ መደባት ይሰረዝ
2. ብቑዕን ሓባራውን ግብረ መልሲ


ምክልኻል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19
ግራፍ ለጠቕ ምባል፡ 3ይ ምርጫ
ጠቕላላ ብዝሒ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19
ምሉእ
ዓቕሚ ትሕተ ቅርጺ ኣገልግሎት ጥዕና
መልከፍቲ ካብ ዝጀመረሉ ዝተመዝገቡ መዓልቲታት
ጽሬት ምሕላው
ተዓዊትና!
እዋእ...
...ጠፋእና
3. ንሓጺር እዋን ተግባራዊ ዝኾነ ሓባራዊ ግብረ መልሲ (ቀጻልነት ዘይብሉ)